# መጽሓፍ ብዛዕባ

## ቅልውላው ሶማልያን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን

## ካልኣይ ክፋል




ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

**ጉዳይ ሶማልያ ኣብ'ቲ ብ12 ጥቅምቲ 2001 ዝተኻየደ መበል 56 ሓፈሻዊ ስሩዕ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣኼባታት [1] ባይቶ ጸጥታን ቀዳማይ ኣጀንዳ ሒዙ ነይሩ። እዚ ድማ ምሉእ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ካብ'ቲ ስርዓት ፕረዚደንት ሶማልያ ነበር፡ ጀነራል መሓመድ ሲያድ ባረ ዝወደቐሉ፡ ጥሪ 1991 ኣትሒዙ ዝቐጸለ ሽግር ንምውጽኣ ዓቢ ኣቓልቦ ከም ዝሃበሉ ዚሕብር እዩ። ከም ዚፍለጥ ኣብ ሶማልያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ቅኑዓት፡ ዘይቅኑዓትን ውዲታውን ተበግሶታት ተራእዮም'ዮም። ብድሕር'ዚ ኣብ ጥቅምቲ 2000፡ ፕረዚደንት ጂቡቲ፡ እስማዒል ዑመር ገለ ብዘካየዶ ጻዕሪ፡ ኣብ ዋዕላ ዓርታ፡ ጂቡቲ፡ ብመሪሕነት ፕረዚደንት ዓብዱልቃስም ሳላድ ሓሰን፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ተመሪጹ። እዚ መሰጋገሪ መንግስት'ዚ ንሰለስተ ዓመታት ጥራሕ ዚቕጽል ስልጣን ነይርዎ።**

**ፕረዚደንት ሶማልያ ቀዳምነታቱ ብኸምዚ ዝስዕብ ሰሪዑ ተበጊሱ።**

- ኩናት ሓድሕድ ንዘዕነዋ ሶማልያ ዳግም ምህናጽ፡

- ጸጥታ፥ ርግኣትን መግብን ምርግጋጽ፥

- መሰጋገሪ መድረኽ ምስ ኣብቅዐ ፈደራዊ ስርዓት ምቛም፥

- ኣብ ሓድነት ሶማልያ ዋጋ ዕዳጋ ዘይምግባር፥

ኣብ ጉባኣ ዓርታ ሓደ ሓደ ውድባት ሶማልያ ኣይተሳተፉን፣ እንተኾነ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ነዚ ዚስዕብ ንምርግጋጽ ጻዕሩ ቐጺሉ።

ሀ. ንኹሎም ሶማላውያን ኣብ ሓደ ሃገራዊ ዕላማ ምጥርናፍ፥

ለ. ኣብ ምልእቲ ሶማልያ ጽልዋኡ ምርግጋጽ፥

ሐ. ኣብ ምልእቲ እታ ሃገር ንዚጋታት ዘጋጥም ብድሆታት፥ ጸገማትን ሽግራትን ምምካት፥

መንግስቲ ፕረዚደንት ዓብደልቃስም ሳላድ ሓሰን ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ፥ ውድብ ኢጋድ፥ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፥ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ፥ ውድብ ኣስላማዊ ጉባኤ፥ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዓቢ ሞራላዊ ደገፍን ውሱን ፋይናንሳዊ ሓገዝን ረኺቡ። ንጉባኣ ዓርታ ዘይደገፈት ወይ ካብኡ ዝወጸት ሓንቲ ሃገር ጥራሕ ነይራ፣ ንሳ ድማ ኢትዮጵያ እያ። እዚ ካብ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ናይ'ቲ ንጉዳይ ሶማልያ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃ፥ ብኣሰፋሕፋሒ ጥሙሓቱ ኪዕቅኖ ዚደሊ ዝነበረ ስርዓት መለስ ዜናዊ ዝነቐለ እዩ። ስርዓት መለስ ዜናዊ ካብ ምስጢራዊ ኣጀንዳታቱ ተበጊሱ፥ ንህዝብታት ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ንምቁጽጻርን ንውሽጣዊ ሓድነት ሃገራት እቲ ዞባ ንምብትታንን ንሱ ንዚደልዮ፥ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዘንቀሳቕሶምን ዚእዝዞምን ጉጅለታት ንምቛምን'ዩ ዚሰርሕ ነይሩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መቐለ፥ ጎንደርን ኣዲስ ኣበባን ሓቑፍዎም ዝነበረ ሃሱሳት ጉጅለታትን ጉዳያቶም ባዕሉ ዘካየዶን ብኣብነት ኪጥቀስ ይከኣል።

ከም ዚፍለጥ፥ መንግስቲ ወያነ ኣብ ጉዳይ ሶማልያ ካብ መጀመርታ ነዚ ዚስዕብ ንምርግጋጽ'ዩ ዚሰርሕ ነይሩ።

**ቀዳማይ፦** ኣብ ሶማልያ ማእከላይ መንግስቲ ንኸይቀውም ጻዕሪ ምክያድ፥

**ካልኣይ፦** ኣብ መንጎ ሶማላውያን ኩናት ሓድሕድ ምእንቲ ኪቕጽል፥ ንሜዳ ሶማልያ ብኹሉ ዓይነታት ከቢድን ፈኩስን ብረታት ከም ዘዕለቕልቕ ምግባር፥ እዚ ነቲ ብ23

ጥሪ 1992 ናብ ሶማልያ ኣጽዋር ንኸይሽየጥ ዚኽልክል ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቍጽሪ 733 ብቐሉዕ ዚግህስ እዩ።

**ሳልሳይ፦** ሚኒስተር ምክልኻል ሶማልያ፡ ዓብደላ በክሪ ሙሳ፡ ብ26 ሕዳር 2001፡ ''ኢትዮጵያ ርግኣት ፑንትላንድን ምብራቕ ሶማልያን ንምዝራግ ሓይልታት ልኢኻ፡'' ብምባል ከሲሱ። ከምኡ'ውን ብ27 ሕዳር 2001 ኣብ ለንደን ተሓቲማ ዝወጸት ጋዜጣ ኣ'ሽርቕ ኣል'ኣውሰጥ፡ ሶማልያ፡ ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ሶማልያ ንእትፍጽሞ ተጻብኦታት ደው ንምባል፡ ምትእትታው ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ከም ዝጸውዐት ሓቢራ። ከም ዚፍለጥ ኢትዮጵያ ንሉኣላዊ መሬት ሶማልያ ክትግህስ፡ ናይ መጀመርታኣ ኣይነበን። ንኣብነት፡ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጕዳያት ሶማልያ፡ ጣህር መሓመድ ሼኽ ብ10 ነሓሰ 2001 ንጋዜጣ ኣ'ሽርቕ ኣል'ኣውሰጥ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንዞባ ባይደዋን ወደብ ኪስማዮን ከም ዝበጽሖ፡ ሓይልታት ኢትዮጵያ ናብ ሶማልያ ኣጽዋር ንኸይሽየጥ ዚእግድ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ብምጥሓስን ኣብ መሬት ሶማልያ ብምእታውን፡ ኣስታትን 10 ሽሕ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ሰለስተ ኣውራጃታት ሶማልያ ብኹል፡ ሄራንን ኑጋልን ከም ዚርከቡ ሓቢሩ።

እዚ ቐሉዕ ወተሃደራዊ ምትእትታው ኢትዮጵያ ኣብ ሶማልያ፡ ነቲ ባዕላ ዝኸተመትሉ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ውዕላትን ቻርተራትን ኢጋድ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዚግህስ እዩ። ስርዓት ኢትዮጵያ ብመሪሕነት ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር መለስ ዜናዊ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መሬትን ሶማልያ ውዲታውን ኣዕናውን ፖሊሲታት ስለ ዝቐጸለ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኣብ ምልእቲ ሶማልያ ጸጥታ፡ ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ዘካይዶ ዝነበረ ጻዕሪ ከይተዓወተ ምትራፉ ዘገርም ኣይኮነን።

እቲ ዘደንጹን ዘገርምን ነገር መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመገዲ ሚኒስተር ጕዳያት ወጻኢ ዝነበረ፡ ስዩም መስፍን፡ ብ19 ሕዳር 2001 ኣብ መበል 56 ስሩዕ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ''ሶማልያ ብመሪሕነት ኡሳማ ብን ላደን ዚእለ ግብረ ሽበራዊ ምንቅስቓስ ኣልቓዒዳ መዕቈቢት ኮይና ኣላ፡'' ኪብል ምኽሳሱ'ዩ። ብ20 ሕዳር 2001 ኣብ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዘቕረቦ መደረ'ውን ነዚ ኽስ'ዚ ደጊሙ።

ስርዓት መለስ ዜናዊ ንኣህጉራዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ዞባውን ግብረ ሽበራ ንምምካት ድሌት ከም ዘሎዎ ዘቕርቦ ዝነበረ መግለጺ ዘጠራጥር'ዩ። እዚ ጥርጣረ'ዚ ኣብ ጭቡጥ መርትዖታት ዚምኩስ'ዩ። ስርዓት መለስ ዜናዊ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ መቐለን ጎንደርን ዚርከቡ ዝነበሩ ምስ ውድብ ኣልቓዒዳ ድልዱል ዝምድና ዝነበሮም፡ ብፍላይ ድማ ምንቅስቓስ ጅሃድ ኤርትራን ኣስላማዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን፡ ኣብ መንጎ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዚርከብ ገለ ገለ ኸባቢታት፡ ምስ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብምዃን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሰላማውያን ዜጋታት ግብረ ሽበራዊ ተግባራት ንዚፍጽሙ ዝነበሩን ካልኦት ግብረ ሽበራውያን ጉጅለታት ኤርትራን ሓቑፋ ምንባሩ ዚፍለጥ'ዩ። እንተኾነ ዕላማ እዚ ጽሑፍ'ዚ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርዓት ኣብ ሶማልያ ዚኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲን ድርብ መለክዒታቱን ምግላጽ ስለ ዝኾነ ኣብኡ ከተኩር'ዩ።

## መንግስቲ ኢትዮጵያ፡

1- ኣብ ሶማልያ ማእከላይ መንግስቲ ንኸይቀውም ዕንቅፋት ይገብር ነይሩ።

2- ንሶማልያ ብዝተፈላለየ ዓይነታት ኣጽዋር ኣዕለቕሊቕዋ ነይሩ።

3- ብዛዕባ መዓስከራት ግብረ ሽበራ ኣብ ሶማልያን ሶማልያ ምስ ውድብ ኣልቓዒዳ ምትእስሳር ከም ዘሎዋን ኣመልኪቱ ኣንጻር መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኽስታት የቕርብን ንገዛእ ርእሱ ከም ጸረ ግብረ ሽበራን ግብረ ሽበራዊ ስራሓትን ኮይኑ ይቐርብ ምንባሩን ዘስደምም'ዩ።

## ጸብጻብ ኮፊ ዓናን

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፡ ኮፊ ዓናን ብ11ጥቅምቲ 2001 ብዛዕባ ኹነታት ሶማልያ፡ እዚ ዚስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ ጸብጻብ ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣቕሪቡ።

### ቀዳማይ፦ ብውሽጣዊ መዳይ

ኮፊ ዓናን ኣብ'ቲ ብ11 መጋቢት 2001 ዝቐረበ ጸብጻቡ፡ ኣብ ኢትዮጵያ እትርከብ ኣውሳ ዝተባህለት ከተማ፡ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ካብ ዚቃወሙ ውድባት ሶማልያ፡ ባይቶ ስኒትን ዳግመ ህንጻን ሶማልያ ዝተባህለት ውድብ ከም ዝቖመት ኣፍሊጡ። ዕላማ ምቛም እታ ውድብ ምስ መሰጋገሪ መንግስቲ ማዕረ ዝኾነ ኣካል ንምፍጣር ዘይኮነ፡ ምስኡ ዘተ ንምክያድ ዝቐለለ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ፡ ነዚ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ከም ዘረጋገጹሉ ሓቢሩ።

ካልኣይ፦ ብዞባዊ መዳይ

1- ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ካብ 26 ክሳዕ 27 መጋቢት 2001 ኣብ ዓማን ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ፡ ንመንግስቲ ፕረዚደንት ዓብዱልቃስም ሳላድ ሓሰን ዘሎዎ ሓገዘን ደገፍን ከም ዝገለጸ ሓቢሩ። ከምኡ ድማ ካልኦት ውድባት ሶማልያ ሰላም፡ ርግኣትን ጸጥታን ንምርግጋጽን ሓድነትን ሉኣላውነትን ሶማልያ ንምውሓስን ምስ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ሓቢረን ንኺሰርሓ ጸዊዑ።

2- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኣብ'ቲ ብ11 ሓምለ 2001 ኣብ ርእሲ ኸተማ ዛምብያ፡ ሉሳካ፡ ዝተኻየደ መበል 37 ስሩዕ ጉባአ መራሕቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ከም ዝተሳተፉ ገሊጹ።

3- ሕብረት ኤውሮጳ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ሃገራዊ ስኒት ንምርግጋጽ ዘካይዶ ጻዕሪ ንኪቕጽል ጸዊዑ። ከምኡ'ውን ሃገራት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማልያ ወተሃደራዊ ምትእትታው ንኸይገብራን ሉኣላውነት፡ ናጽነትን ሓድነትን ሶማልያ ንኸይግህሳን ተማሕጺኑ።

4- ኣብ ጂቡቲ፡ ዓርታ ኣብ መስርሕ ሰላም ዝተረኽበ ውጽኢት ኣብ ሶማልያ፡ ስኒትን ሰላምን ንምርግጋጽ ኣገዳሲ ስጉምቲ ከም ዝነበረ ጠቒሱ። መስርሕ ሰላም ዓርታ ኣብ ግብሪ ንምውዓልን፡ ኣብ ሶማልያ ነባሪ ሰላም ንምርግጋጽን፡ እቲ ዝዓበየ ምርጫ ምኳኑ ውድብ ኢጋድ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ሕብረት ኤውሮጳን እውን ዚሰማምዕሉ ምኳኑ ሓቢሩ።

5- ኣብ የካቲት 2001 ዝተኻየደ መስርሕ ገምጋም ጸጥታዊ ኹነታት መቓድሾ፡ ኣብ ሶማልያ ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሰላም ንምኽፋት ጸጥታዊ ኹነታት ከም ዘየፍቕድ፡ ንባይቶ ጸጥታ ሓቢሩ።

ድሕሪ ቐርቀብ ሶማልያ ኣብ ዘሎ መድረኽ፡ ብዛዕባ ምኽፋት ቤት ጽሕፈት ልኡኽ

ዓቃብ ሰላም ለበዋ ምሕላፍ ዚከኣል ከም ዘይኮነ ገሊጹ። ኣሰዒቡ ኮፊ ዓናን ኲነታት ሶማልያ ብቐጻሊ ይከታተሎ ከም ዘሎ፡ ብዛዕባ ምቛም ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሰላም ኣብ ሶማልያ ዝርዝራዊ ሓሳብ ከም ዘቕርብ፡ እዚ ግን ንኽም'ዚ ዝኣመሰለ ውሳነ ንምውሳድ ጸጥታዊ ኹነታት ሶማልያ ምስ ዚመሓየሽን ዘፍቅድን ከም ዝኾነ ገሊጹ። [2]

መርገጺ ዋሽንተን፣ ሞስኮ፣ ፔኪን፣ ፓሪስን ለንደንን

ኣብ'ቲ ብ19 ጥቅምቲ 2001 ብዛዕባ ሽግር ሶማልያ ዝተኻየደ ፍሉይ መጋበኣያ ባይቶ ጸጥታ፣ እተን ሓሙሽተ ቀወምቲ ሃገራት ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ዚ ሽግር'ዚ ዘሎወን መርገጺ ገሊጸን።

1- መርገጺ ኣመሪካ፣ ምክትል ቀዋሚ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፣ ጆዝያ ሮዘንፕላት፣ ''ንሕና ምስ ኩሎም ሃገሮም ዳግም ንምህናጽ ናይ ብሓቂ ድሌት ዘሎዎም ሶማላውያን ሓቢርና ክንሰርሕ ድልዋት ኢና፣'' ኢሉ ገሊጹ። ኣስዒቡ ዋሽንተን ንህዝቢ ሶማልያ ዚጠቅም መደባት ኣብ ምድላው ንጥፈታታ ክትቅጽል ምኳና ብምሕባር፣ ንሃገሩ ዘድሕንን ሕጋዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘቐውምን ህዝቢ ሶማልያ ጥራሕ ምኳኑ ኣረጋጊጹ። እዚ ድማ ንሓደ ውድብ፣ ንኣመሪካ፣ ንባይቶ ጸጥታ ወይ'ውን ንናይ ደገ ወገን ዚምልከት ከም ዘይኮነ ሓቢሩ።

2- መርገጺ ሩስያ፣ ኣንድረይ ግራቮንስኪ ምክትል ቀዋሚ ልኡኽ ፈደረሽን ሩስያ ኣብ ው.ሕ.ሃ. ነበር፣ ሓድነት ሶማልያ ዘኽብርን ቅልጡፍ ሃገራዊ ስኒት ሶማልያ ዚድግፍን መርገጺ ሃገሩ ሓቢሩ። ባይቶ ጸጥታ ነቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ዘካይዶ ጻዕሪ ደገፉ ንኪቕጽል ድማ ጸዊዑ። ፈደራዊት ሩስያ ኣብቲ ንጸጥታዊ ኹነታት ሶማልያ ዚግምግም ልኡኽ ንኺትሳተፍ ድልውቲ ምኻና'ውን ገሊጹ። ኣስዒቡ ግራቮንስኪ ኩለን ሃገራት ነቲ ኣብ ሶማልያ ኣጽዋር ንኸይሸየጥ ዚእግድ ውሳነ ከኽብራ ኣዘኻኺሩ። ኣስዒቡ ልኡኽ ሩስያ ካብቲ ኣብ መንጎ ኽልቲአን ሃገራት ዘሎ ታሪኻዊ ዝምድና ተበጊሱ፣ ሃገሩ ንመስርሕ ዳግመ ምህናጽ ሃገረ ሶማልያ ብቐጻሊ ከም እትድግፍ ኣረጋጊጹ።

3- መርገጺ ቻይና፣ ቀዋሚ ልኡኽ ቻይና ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር ዋንግ ያንጋን፣ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ርኡይ ጻዕሪ እኳ እንተ ኣካየደ፣ መስርሕ ሰላም ከም ዘይሰጉመ፣ ውድባት ሶማልያ ኣብ ነንሓድሕደን ይቈራቘሳ ከም ዘለዋ ሓቢሩ። እዘን ውድባት እዚኣተን ንሃገራዊ ረብሓን መስርሕ ሰላምን ቀዳምነት ንኺህባ ከም ዚትስፎ ገሊጹ። ኩነታት ሶማልያ ሓደገኛ ብምኳኑ ኣብ ባይታ ዳህሳስ ምግባር ከም ዘድሊ ኣዘኻኺሩ። ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ባይቶ ጸጥታ ንመስርሕ ሰላም ሶማልያ ኣቓልቦን ድርኺትን ንኺገብረሉ ጸዊዑ።

4- *መርገጺ ፈረንሳ፡ ቀዋሚ ልኡኽ ፈረንሳ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፡ ዣን-ደቪድ ለቪት፡ ስምምዕ ዓርታ ሰላም ንምርግጋጽ እቲ ዝዓበየ ተኽእሎ ዘሎዎ ምኳኑ፡ ሶማልያ ከም ኣፍጋኒስታን መዕቈቢት ግብረ ሽበራውያን ንኸይትኸውን ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ምሕጋዝ ከም ዘድሊ ሓቢሩ። ብፍላይ ድማ ሕቡራት ሃገራት ንመንግስቲ ሶማልያ ፖሊስ ኣብ ምስልጣንን ምዕጣቕን ንኺሕግዝ ጸዊዑ። ኣስዒቡ ጸጥታዊ ኹነታት ኣብ ዘፍቅደሉ እዋን፡ ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ናብ ሶማልያ ንምልኣኽ ፈረንሳ ከም እትድግፎ ገሊጹ።*

5- *መርገጺ ብሪጣንያ፦ ምክትል ቀዋሚ ልኡኽ ብሪጣንያ ኣብ ው.ሕ.ሃ. ነበር፡ ስቲዋርት ኤልዶን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ግብረ ሽበራ ኣብ ምጽራግ ንዘካየዶ ስራሕ ንኢዱ። ኣስዒቡ ተበግሶ ወጻኢ ሓጋዚ ከም ዝኾነ፡ እንተኾነ ጕረባብቲ ሃገራት ሶማልያን ካልኦት ሃገራት እቲ ዞባን ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ምምጻእ ሃናጺ ተራ ኪህልወን ከም ዚግባእ ገሊጹ።*

***ቃል ወኪል ሶማልያ***

*መንግስቲ ሶማልያ ካብ ኣብ ኣኼባታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ድሕሪ ምብኳር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሶማልያ ነበር፡ ዓሊ ኸሊፋ ገለይዳ፡ ብ*19 *ጥቅምቲ* 2001 *ኣብ ባይቶ ጸጥታ ብስም መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ እዚ ዚስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መደረ ኣስሚዑ።*

1- *ሶማልያ ነቲ ብኹለን ኣባላት ሃገራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግብረ ሽበራ ንምምካት ዚእዝዝ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቍጽሪ* 1373 *ከም እትድግፎ ገሊጹ።*

2- *መንግስቲ ሶማልያ ጸጥታ ንምስፋንን ግብረ ሽበራ ንምምካትን ምስ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ማሕበረ ሰብ ቢዝነስን ፖሊስን ብምኳን ኣድላዪ ስጕምታት ከም ዝወሰደ ሓቢሩ ።*

3- *መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ብመሰረት ስምምዕ ጕባኣ ዓርታ፡ ሃገራዊ ስኒት ንምርግጋጽ ብቐጻሊ ከም ዚሰርሕ ጠቒሱ። ስምምዕ ጕባኣ ዓርታ፡ ንኹሎም ሶማላውያን ዚምልከት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መስርሕ ሰላም ዓርታ ዘይተሳተፉ ሶማላውያን ውድባት፡ ኣብ መኣዲ ዘተ ንኽሳተፉን ኣብ ሃገራዊ ስኒት ንኺሕወሳን ጸዊዑ። ብጕረባብቲ ሃገራት ሰላም ንምምጻእ ንዚካየድ ጻዕሪ መንግስቱ ከም ዚድግፍ'ውን ገሊጹ።*

4- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ዘካይዶ መስርሕ ሃገራዊ ሰኒት፡ ምስቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ኣስላማዊ ጉባአ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብን ውድብ ኢጋድን ዘሕለፉኦ ውሳነታት ተሳንዩ ዚኸይድ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

5- ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮፊ ዓናን፡ ብዛዕባ ሶማልያ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መቓድሾ ኹነታት ጸጥታ ኣየተኣማምንን ብምባል ቤት ጽሕፈት ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ንኽይክፈት ዝሃቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ናብ ሶማልያ ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ዘይምስዳድ፡ ናብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ፡ ዞባውን ክፍለ ዓለማውን ውድባት፡ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን ኣበጋዛትን ግጉይን ኣሉታውን መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ምዃኑ ገሊጹ። ኣብዚ ተኣፋፊ ዝበሎ መድረኽ ኣብ ሶማልያ ቤት ጽሕፈት ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ምኽፋት ኣገዳስን ህጹጽ ጉዳይን ከም ዝኾነ ጠቒሱ። እዚ እንተ ዘይተገይሩ ኣብ ዕንክሊል ከም ዚኣቶ ገሊጹ። [3]

## መርገጺ ጇቡቲ

ቀዋሚ ልኡኽ ጇቡቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር፡ ኣምባሳደር ሮብለ ኦልሃየ ንኹነታት ሶማልያ ዚምልከት መርገጺ ሃገሩ ሓቢሩ። ስዒቡ ብ19 ጥቅምቲ 2001 ኣብ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ዘስመዖ ቀንዲ መደረ ኪቐርብ'ዩ።

1- ባይቶ ጸጥታ ኣብ ሰነ 2001 ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ኣህጉራውያን ውድባት ነቲ ካብ ጉባኤ ዓርታ ጇቡቲ ዝተበገሰ መሰርሕ ሰላም ሶማልያ ፖለቲካዊ ደገፍ ኪገብራሉ ከም ዝጸውዐ ገሊጹ።

2- ባይቶ ጸጥታ ኣንጻር'ቶም መስርሕ ሰላም ሶማልያ ንምብርዓን ዚንቀሳቐሱ ኣበጋዛትን መራሕቲ ውድባትን ሶማልያ ኣድላዪ ስጉምቲ ከም ዚወስድ ምሕባሩ ጠቒሱ።

3- ባይቶ ጸጥታ ብ11 ሓምለ 2001፡ ኩሎም ዕጡቓት ውድባት ሶማልያ ወተሃደራዊ ዕጥቀም ኣውሪዶምም ምስ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ናብ ዘተ ንኺኣትዉ ጋዜጣዊ መግለጺ ከም ዝሃበ ሓቢሩ።

4- ኣምባሳደር ሮብለ ኦልሃየ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ሶማልያ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዛምብያ ዘካየዶ ኣኼባኡ ብዛዕባ ሶማልያ

ውሳነ ከም ዘሕለፈ ምጥቃሱ ሓቢሩ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ንመስርሕ ሰላም ሶማልያ ዚዕንቅፉ ኣበጋዛት ብትሪ ከም ዝኾነነ ገሊጹ።

5- ባይቶ ስኒትን ዳግመ ህንጻን ሶማልያ ዝተሰምየ ምትእኽኻብ ቀንዲ ዕላማኡ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ምዕንቃፍን ንሶማልያ ናብ'ቲ ህዝቢ ሶማልያ ዝተሳቐየሉ ብኣበጋዛት ዝተወለዐ ባርዕ ዳግም ንምእታው ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ኣስዒቡ፡ ባይቶ ስኒትን ዳግመ ህንጻን ሶማልያ ኣብ መጋቢት 2001፡ ኣብ ኣውሳ ዝተባህለት ከተማ ኢትዮጵያ ብኣላይነትን ጽላልን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ መለስ ዜናዊ ከም ዝተመስረተ ጠቒሱ። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ''ንባይቶ ስኒትን ዳግመ ህንጻን ሶማልያ'' ኪሕግዙ እንከለዉ፡ ዕላማኦም ውድባት ሶማልያ ኣብ መስርሕ ሰላም ዓርታን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያን ንምጽንባር ዘይኮነ፡ ከምቲ ኣምባሳደር ጂቡቲ፡ ሮብለ ኦልሃየ፡ ዝሓበሮ ንሶማልያ ናብ'ቲ ዝሓለፈቶ ኩናት ሓድሕድ ንምምላስ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

## መርገጺ ኢትዮጵያ

ቀዋሚ ወኪል ኢትዮጵያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፡ ኣምባሳደር ዓብደልመጂድ ሑሴን ብ19 ጥቅምቲ 2001 ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ መርገጺ ሃገሩ ኣብ ጉዳይ ሶማልያ ብኸምዚ ዚስዕብ ገሊጹ።

1- መስርሕ ሰላም ዓርታ ናብ ሰላምን ስኒትን ሶማልያ ዘብጽሕ ስጉምቲ ብምዃኑ ኣዲስ ኣበባ ከም እትድግፎ ገሊጹ።

2- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ሓደ ካብ ውድባት ሶማልያ ከም ዝኾነ ፡ ብሰለስተ ጉጅለታት ሀ) ኣስላማዊ ሕብረት ለ) ኣልእስላሕ (Reform) ሐ) ኣስላማዊ ሕውነት (Moslem Brotherhood ዝቖመ ዘይስሙር ውድብ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

እቲ ኢትዮጵያዊ በዓል ስልጣን ኣስዒቡ፡ እቶም ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ዘቖሙ ጉጅለታት ጥሩፋት፡ ንስኒት ድልዋት ዝኾኑን ናይ ጥሩፍነትን ማእከላይ መርገጽን ዝምባለ ዘሎዎምን ምዃኖምን ገሊጹ።

3- ኢትዮጵያ ንባይቶ ስኒትን ዳግመ ህንጻን ሶማልያ ምሕጋዛ ንኣበጋዛት ንምንጥጣፍን ኩናት ሓድሕድ ንምብርባርን ከም ዘይኮነ ጠቒሱ።

4- ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሶማልያ ሕጋዊ ስልጣን ዘሎዎ ኣካል ከም ዘየልቦ ገሊጹ።

5- ሰብ መዚ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሶማልያ ሰዓብቲ ውድብ ኣልቓዒዳ ዝኾኑ ኣህጉራውያን ግብረ ሽበራውያን ጉጅለታት ምህላዎም ጭቡጥ መርትዖታት ከም ዘሎዎም ጠቒሱ።

**ወግዓዊ መልሲ ሶማልያ ንመርገጺ ኢትዮጵያ**

ቀዳማይ ሚኒስተር ሶማልያ ዝነበረ፡ ዓሊ ኸሊፋ ገላይዳህ መርገጺ ኢትዮጵያ ብዙሕ ኣደናጋሪ ትሕዝቶታት ዘሎዎ ብምኳኑ ኣብ መሰረታዊ ሓቅታትን ክውንነትን ብምምርኳስ መልሲ ምሃብ ኣድላዩ ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ንመርገጺ ኢትዮጵያ ብኸም'ዚ ዚስዕብ መልሲ ሂቡሉ፦

**ቀዳማይ፦ ወግዓዊ መልሲ**

1- እቶም ሶማልያ ናትና ፍታሕ ንኽትቕበል ከነስገድዳ ንኽእል ኢና ዚብሉ ወገናት ሓሳባቶም ውጽኢት ዘይብሉ ስለ ዝኾነ ክልተ ግዜ ኪሓስብሉ ከም ዚግባእ፡

2- እቶም ምስ ሶማልያ ነዊሕ ዶብ፡ ሕማቕ ታሪኽን ኣገደስቲ ረብሓታትን ስለ ዘሎና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማልያ ግደ ንኺህልወና የኽእለና'ዩ፡ ኢሎም ዚሓስቡ፡ ሶማልያ ንኸምዚ ዓይነት ስለ ዘይተፍቕድ ተራኦም ኣብ ካልእ ከናድይዎ ከም ዚግባእ፡

3- ኢትዮጵያ ባእታታት ውድብ ኣልቓዒዳ ኣብ ሶማልያ ከም ዘለዉ፡ ገለ ሓለፍቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ጥሩፋት ከም ዝኾኑ እተቕርቦ ኽሲ ሓደገኛ ስለ ዝኾነ ብዛዕባኡ ጭቡጥ መርተዖታት ከተቕርብ ከም ዚግባእ፡

4- ኣብ ሶማልያ ዚኣቱ ኣጽዋር ብኣየር ወይ ብባሕሪ ከም ዘይኮነ፡ (ናብ ኢትዮጵያ ብምምልካት) ብምድርን ካብ ሓደ ወገንን ከም ዝኾነ፡

5- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ጽቡቕ ዚሓስቡ ፈተውቲ ሶማልያ ከም ዘለዉ፡ ከምኡ ድማ ጸላእቲ ሶማልያ ንዝኾኑ ፈሊጡ ከም ዘሎ ኣገንዚቡ። [3]

**ካልኣይ፦ መልሲ ሶማላውያን ምሁራት ንኢትዮጵያ**

ቢቢሲ ብ21 ሕዳር 2001 ምሁራት ሶማላውያን ''ኢትዮጵያ ኣንጻር ርግኣት ሃገርና'ያ፡'' ይብሉ፡ ኣብ ትሕቲ ዚብል ኣርእስቲ ዝዘርጋሓቶ ዓንቀጽ እዚ ዚስዕብ'ዩ።

1- ብዙሓት ሶማላውያን፡ ኣመሪካ ብሰንክ'ቲ ኢትዮጵያ ጥሩፋት ንሶማልያ ተቘጻጺሮማ ኣለዉ ብምባል እተቐርቦ ኣብ ሓሶት ዝተመርኰሰ ክሲ፡ ንሶማልያ ዒላማ ከም ዝገበረት፡ እንተኾነ ብኢትዮጵያ ዝቐረበ ኽሲ መሰረት ከም ዘይብሉ፡ እዛ ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ሰለስተ ሳዕ ኲናት ዘካየደት ኢትዮጵያ፡ ንሶማልያ ክትበታትንን ካብ ምቍጽጻራ ከም ዘይትወጽእን ንምግባር ከም እትደሊ፡

2- መንግስቲ ኢትዮጵያ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ምስ ውድብ ኣልቓዒዳ ምትእስሳር ኣሎዎ ብምባል እናኸሰሰ፡ ኣብ ባይታ ብግብሪ፡

ሀ) ንጉጅለ ሙሳ ኣስላማዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝመስረተ፡

ለ) ነቲ ኢትዮጵያ ምስ ኣስላማዊ ሕብረት ሶማልያ ኪዳን ኣሎዎ እናበለት ትኸሶ ዝነበረት ጉጅለ ሑሴን ዓይዲድ፡

ሐ) ከምቲ ኢትዮጵያ እትብሎ ምስ ጉጅለ ሑሴን ዓይዲድ ኪዳን ዘቖመን ምስ ኣስላማዊ ሕብረት ሶማልያ ኪዳን ዝነበሮን ጉጅለ ኮሎኔል ዓብደላ ዩሱፍ፡ ከም ዚሕግዝ ምግላጾም ሓቢራ። [4]

**ሳልሳይ፦ ትዕዝብታት ብዛዕባ መርገጺ ኢትዮጵያ**

1- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ፡ ከምቲ ቀዋሚ ልኡኽ ኢትዮጵያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር፡ ኣምባሳደር ዓብደልመጂድ ሑሴን ዝገለጾ ከም ሓደ ካብ ውድባት ሶማልያ ዚግለጽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዚ መንግስቲ'ዚ ኣብ'ቲ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ዓርታ ኣብ መንጎ መብዛሕትኦም ቀቢላታት ሶማልያ ብዝተኻየደ ዘተን ክትዓትን ዝቖመ ስለ ዝኾነ። ከምቲ ኢትዮጵያዊ በዓል ስልጣን ዝገለጾ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ብኣስላማዊ ሕብረት፡ እስላሕን ኣስላማዊ ሕውነትን ከቶ ዝቖመ ኣይኮነን።

2- መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ምስ ተመስረተ ደገፍን ኣፍልጦን ሃገራት ኢጋድ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ፡ ውድብ ኣስላማዊ ጉባኤ፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ረኺቡ'ዩ። ነዚ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍጻመ'ዚ ኢትዮጵያ እውን ንቐዳማይ ሚኒስተራ፡ መለስ ዜናዊ ብምውካል ተሳቲፋቶ'ያ።

3- ፕረዚደንት ዓብደልቓስም ሳላድ ሓሰን፡ ከም እንኮ ሕጋዊ መራሒ መንግስቲ ኣብ ሶማልያ፡ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ወኪሉ ኣብ ጉባአ መራሕቲ ኢጋድ ኣብ ኻርቱም፡ ጉባአ መራሕቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ሉሳካ፡ ጉባአ መራሕቲ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ካይሮ፡ ኣኼባ መራሕቲ ውድብ እስላማዊ ጉባአ ኣብ ኣዶውሓን ኣብ መበል 56 ሓፈሻዊ ጉባአ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኒው ዮርክን ተሳቲፉ'ዩ። መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ሓደ ካብ ውድባት ሶማልያ እዩ ተባሂሉ ዚግለጽ ኣይኮነን።

4- ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ንሕጋውነት መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ እናፈለጦን እናተቐበሎን እንከሎ፡ ኢትዮጵያ ንበይና ምንጻጋ ዘሰደምም'ዩ።

5- መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኣይዋሳእን'የ እንተ በለ መሰሉ እዩ። እንተኾነ ምኽኑይ ብዘይኮነ ኣገባብ ኣብ ልዕሊኡ ውዲት ኪፍጽም መሰል የብሉን። ከም'ዚ ዝኣመሰለ መርገጺ ንኹሉ ኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ዚግህስ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ንሶማልያ ናብ ፍኑውነትን ኩናት ሓድሕድን ዚሸምም ሓደገኛ ተግባር እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ከስቅጥ ወይ ተዓዛቢ ጥራይ ኪኸውን ኣይግባእን። ንገዛእቲ ኢትዮጵያ ብጸጥታ፡ ሰላም፡ ርግኣትን ሓድነትን ሶማልያ ምጽዋት ይኣክል ኪብሎም ይግባእ።

**ውሳነታት ባይቶ ጸጥታ**

ባይቶ ጸጥታ ንሽግር ሶማልያ ኣመልኪቱ፡ ብ31 ጥቅምቲ 2001 ኣብ ኒው ዮርክ ኣብ ዘካየዶ መጋበኣያ ቍጽሪ 4401፡ ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ፡ ብመገዲ ኣቦ መንበሩ ነዚ ዚስዕብ ውሳነታት ኣውጺኡ።

1- ባይቶ ጸጥታ ንሽግር ሶማልያ ንመትከላትን ቻርተራትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣኽቢሩ፡ ነባርን ኣጠቓላልን ፍታሕ ንምርካብ ብዕትበት ከም ዚሰርሕ የረጋግጽ። ንሉኣላውነት ሶማልያ፡ ሰላማ፡ ፖለቲካዊ ናጽነታን ሓድነታን የኽብር።

2- ባይቶ ጸጥታ ኣብ ሶማልያ ሃገራዊ ዕርቅን ሰላምን ንምምጻእ፡ መስርሒ ሰላም ዓርታ እቲ ዝበለጸ መሰረት ምዃኑ ይኣምን።

3- ባይቶ ጸጥታ ንውጽኢት ጉባአ ሰላም ዓርታ ከም ዚድግፍ የረጋግጽ። መሰጋገሪ ሃገራዊ ባይቶ መሰጋገሪ ሃገራዊ መንግስቲ ንኪቐውም ድማ ይድግፍ። መሰጋገሪ

መንግስቲ ሃናጺ ዘተ ኪቕጽልን ንኹሎም እቶም ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ሰሜናዊ ምዕራብን ሶማልያ ዚርከቡ ወገናት ከሳትፍ፡ ብመገዲ ደሞክራስያዊ መስርሕ ነባሪ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምቛም ምድላዋት ኪገብርን የተባብዕ።

4- ባይቶ ጸጥታ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ኣብ ዞባ መቓድሾ ጸጥታ ንምዕዛዝን ሃገራዊ ዕርቂ ንምርግጋጽን ዘካይዶ ቐጻሊ ጻዕሪ ከም ዚድግፎ ይገልጽ።

5- ባይቶ ጸጥታ፡ ሃገራት ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሶማልያ ሰላም ንምስፋን ኣብ ዚካየድ ጻዕሪ ኣዎንታዊ ተሳትፎ ንኺገብራ ይጽውዕ።

6- ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ጂቡቲ ኣብ መስርሕ ሰላም ዓርታ ዝነበራ እጃም እናመጉሰ ተራኣ ንኽትቅጽሎ ይጽውዕ። ከምኡ'ውን ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ኣዕራብን ኣብ ሶማልያ ሰላም ኣብ ምስፋን ጻዕሮም ከዛይዱ የተባብዕ።

7- ኩለን ሃገራት ነቲ ብመሰረት ውሳነ ቑጽሪ 733 ብ1992 ዓ.ም. ዝወጸ ናብ ሶማልያ ኣጽዋር ንኸይሸየጥ ዚእግድ ውሳነ ክኽብራ ይጽውዕ።

8- መሬት ሶማልያ ርግኣት ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ንምዝራግ ከይውዕል ባይቶ ጸጥታ ብጽኑዕ የተሓሳስብ።

9- ባይቶ ጸጥታ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሓፈሻዊ መለክዒታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተመርኲሱ፡ ንኹነታት ጸጥታ ሶማልያ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንጸጥታዊ ኹነታት መቓድሾ ኪግምግም ይጠልብ። [5]